


# መብጽዓና ንእንከናኸናምን ካብ ክንክንና ንዝተፋነዉን ቈልዑ

እዚ *መብጽዓ*፡ እኩብ እትወታት ቃል (promises) እዩ። ኣብ ትሕቲ ክንክንና ዘለዉ ከምኡ'ውን ዝተፋነዉ ቈልዑ ካባና ዝደልዩዎም ነገራት ዘጠቓለለ እዩ።

ብዝተኻእለና መጠን ዝበለጸ ሓገዝን ደገፍን ክነበርክተልኩም መብጽዓና እዩ።

## ነዚ ንምትግባር፡

- ብኽፉት ልብን ብቕንዕናን ክንቀርበኩም
- ኣባኻትኩም እምነት ከነሕድርን ብዝተኻእለኩም መጠን ዝበለጽኩም ክትኮኑ ከነተባብዓኩምን
- ጽን ኢልና ክንሰምዓኩም፡ ከምኡ'ውን ከነኽብረኩምን ርእይቶኹም ንኽንርዳእ ምሳኻትኩም ሓቢርና ክንሰርሕን
- ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ነቑጣ ጉዕዞኹም ብዛዕባ ዘለዉ ዓይነት ሓገዛትን መሰላትኩምን ክንሕብረኩም
- ብሓበሬታ፡ ብምኽሪ፡ ብግብራውን ፊናንሳውን ሓገዝ ክንድግፈኩም፤ ስምዒታዊ (emotional) ደገፍ ክነበርክተልኩም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘድለየኩም ግዜ እትራኸቡዎ ስሙ-ርቑሕ ሰብ (a named person) ክንገብረልኩምን
- ንዓኹም ዝበቅዕ ገዛ ክንረኽበልኩም
- ክብርኹምን መንነትኩምን ከነኽብር፥ ፍሉያት ክንገብረኩም ዘይኮነ ውልቀ-ሰባት ክትኮኑ ከነተባብዓኩም
- ክንሕግዘኩም እምበር ፍጹም ከይንፈርደኩም
- ሓደ-ምስ-ሓደ ንምዝርራብ ቦታ ክንህበኩም
- ክእለታት ናብራ (life skills) ከተጥርዩን ናይ መላእ ህይወትኩም ሻምፒዮና ክትኮኑን ክንድግፈኩምን ክንሕግዘኩምን
- ንጥርዓናትኩም ክንሰምዕን ንዓኣቶም ብዝምልከት ግብራዊ ስጉምቲ ክንወስድን
- ቃልኩም ንኽተስምዑ (ሓሳባትኩምን፡ ወዘተ. ክትገልጹ) ክንሕግዘኩም
- ኣብ እወታዊ (positive) ንጥፈታት ናይ ምስታፍ ዕድል ክንፈጥረልኩም
- ምስ ካልኦት ኣብ ትሕቲ ክንክንና ዘለውን ዝተፋነውን ህጻናትን መንእሰያትን ክትራኸቡ ክንሕግዘኩም
- ርእስኹም ክኢልኩም ናብ ምንባርን ናይ መጻኢ መደባትኩም ናብ ምሕንጻጽን ገጽኩም ክትሰርሑ ክንሕግዘኩም
- ኣብ ትሕቲ ንዓኹም ዝበቅዕ/ዝሰማማዓኩም ኣላዪ (foster carer) ክትእለዩ ክንሕግዘኩም
- ምስ ስድራ ምርኻብ ብዝምልከት ርእይቶኹም ክንሰምዕን እንተተኻኢሉ ክንትግብሮን
- ንገለ እዋን ኣብ ክንክን ንዝጸንሑ ወይ ንዝተፋነዉ ቈልዑን መንእሰያትን ሓደስቲ ንዝኾኑ ኣማኸርትን ሓገዝትን (mentor) ክኾኑ ክንሕግዝ ኢና።

chscb